# ጋትዊክ ጊዝያዊ እሱራት ግብረ-ሰናይ ጉጅለ

ዝተመዝገበሉ ናይ ሕድሪ ቍ. 1124328
ዝተወሰነ ማሕበር ብውሕስነት ቍ. 4911257

## ሓበሬታ ንጊዝያዊ እሱራት

### ንሕና መን ኢና?

- ንሕና ብዛዕባ ጊዝያዊ እሱራት እንግደስ ጉጅለ፡ ካብዚ ከባቢ ዝመጻና ሰባት ኢና።
- ንሕና ደሞዝ ዘይክፈሉ ወለንተኛታት፡ ንኹሎም ኣብ *ጋትዊክ* ጊዝያዊ ቤት ማእሰርቲ ንዝርከቡ ጊዝያዊ እሱራት፡ ህይወት ዝሓሸት ንኽትኰነሎም ፈተነታት ንምግር ጊዜና ዝሃብና ኢና።
- ንሕና ምስቲ ጊዝያዊ ቤት ማእሰርቲ ይኹን ምስ ኢሚግረሽን ርኽክብ ዘይብልና ነጻ ሰባት ኢና።
- ገለ ካባና ናይ ሃይማኖት ሰባት ኢዮም፤ ገሌና ካኣ ምእመናን ኣይኰናን።

### ንመን ንሕግዝ?

- ንሕና ካብ ዝኾነ ይኹን ዓሌት፣ ቢሄርን ሃይማኖትን፡ ኣብ ጋትዊክ ተኣሲሩ ንዘሎ ሰብ እሞ ካኣ ሓገዝና ንዝሓትት ኩሉ ንሕግዝ።

### እንሕግዞኽ እንታይ ኢዩ?

- እሱራት ናይ ምብጻሕ መደብ ነካይድ፤ ንሓደ በጻሒ ኣባልና ምስ ሓደ ጊዝያዊ እሱር ነተኣሳስሮ።
- እቶም በጻሕቲ ኣብ ዝበጽሕሉ ጊዜ፡ ምሕዝነት፣ ተገዳስነት፣ ክንክንን ደገፍን የበርክቱ። ንበጻሕትኹም፡ ዝኾነ ዝደለኽሞ ነገራት፡ ብፍላይ ብዛዕባ ዝህልወኩም ሽግራት ከተዘራርብዎም ትኽእሉ ኢኹም። ተገዲሶም ከዘራርቡኹምን፣ ብዝኾነ ዝኽእልዎ ኩሉ መንገዲን ዓቕምን ካኣ ክሕግዙኹምን ክፍትኑ ኢዮም።
- ዘድልዩኹም ንኣሽቱ ደገፋት፡ ከም መተሓጻጸቢ- ካብቲ ማእከል (ቦታ) ዘይወሃብኹም ከምኡውን ልባስ ክዳውንቲ፡ ክንረኽበልኩም ንኽእል ኢና።
- ካብዞም ዝጠቐስናዮም ነገራት ከድልዩኹም ከለው፡ ነቲ ዝበጽሓኩም ሰብ ንገርዎ፤ በጻሒ ኣብ ምጽባይ እንተ ኣሊኹም ካኣ ናብ ቤት ጽሕፈት ስልኪ ደውሉ።
- ምስ ጠበቓኹም ንኽትረኻኸቡ ክንተሓጋገዘኩም ንኽእል ኢና። ግር ዝብለኩም ነገር ኪህሉ ከሎ ካኣ፡ ነቲ ኪበጽሓኩም ዝመጸ ሰብ ኣብ ክንዳኹም ንጠበቓኹም ስልኪ ክድውለልኩም ክትሓትዎ ትኽእሉ ኢኹም። ኣድላዪ ኰይኑ እንተ ተሰሚዑኩምውን ጠበቓ ክትቅይሩ ወይ ጥርዓን ከተቕርቡ ክንሕግዘኩም ንኽእል ኢና። ከተዘራርብዎም እትኽእሉ፡ ብናይ ኢሚግረሽን ክእለቶም ምኩራት ዝኾኑ ጠበቓታት ካኣ ንፈልጥ ኢና። ከምኡውን ብዛዕባ ክትሓባበራኹም ዝኽእላ ካልኦት ማሕበራት ሓበሬታ ክንህበኩም ንኽእል ኢና።

### እቲ ክንሕግዘኩም ዘይንኽእል

- ካብቲ ጊዝያዊ ቤት ማእሰርቲ ከነውጽኣኩም ወይውን ንኸይትስጐጉ ክንከላኸለልኩም ኣይንኽእልን።
- ጠበቓታትውን ኣይኰንናን፤ ስለዚ ብጉዳይኩም ሕጋዊ ምኽሪ ክንህብ ኣይንኽእልን።

እቶም ዝበጽሑኹም ኣባላትና ብዋሕስ ንኽትወጹ ከም ዋሕስ ኪቐርቡ ኣይክእሉን ኢዮም። ብዋሕስ ንኽትወጹ ናይ መመልከቲ ፎርም ክትመልኡ እንተደሊኹም ግን BID ዝብሃል ካልእ ማሕበር ክሕግዘኩም ይኽእል ኢዩ። ካብ ሰኑይ - ሓሙስ፡ ካብ ሳዓት 10 ቅ.ቀ. - 12 ፍርቂ ማዓልቲ ይሰርሑ ኢዮም፤ ቍ. ስልኮም ካኣ 0207 247 3590 ኢዩ፤ ናይ ፋክስ ቍጽሮምውን 0207 247 3550 ኢዩ።

- ንሕና ባጀትና ውሱንን ንእሽቶን ሕድሪ ኢዩ። በጻሕቲ ኣባላትና ክቡር ነገራት ክገብሩልኩም ኣይክእሉን ኢዮም።

### ኣሰራርሓና ከመይ ኢዩ?

- በጻሒ ንኽመጸኩም ምስ ቤት ጽሕፈት ምስ ተዘራረብኩም፡ ስምኩም ኣብቲ ናይ ተጸበይቲ-በጻሕቲ ሪጋ ዝርዝር ይምዝገብ።
- ስምኩም ላዕለዋይ ሪጋ ናይቲ መስርዕ ምስ በጽሐ፡ በጻሒ ይመጸኩም፤ መብዛሕትኡ ጊዜ ኣብ ሓጺር ማዓልታት።
- ቈልዑ እንተድኣ ኣልዮሙኹም ወይ ዕድሜኹም ካብ 18 ዓመት ንታሕቲ እንተኾይኑ፡ ወይውን ናይ ሕክምና ሽግራት እንተ ኣልዩኩም ከምኡውን እቲ ዘለኹሞ ኩነታት ንምጻሩ ኣዝዩ ከቢድ ኰይኑ እንተረኺብኩሞ፡ ነቲ ብቴለፎን ዘዘራረብኩሞ ኣባልና ክትነግርዎ ይግብኣኩም። ሽዑ ብቕልጡፍ በጻሒ ክስደደልኩም ይካኣል ኢዩ።

### ካብ በጻሕቲ ክትጽበይዎ እትኽእሉ ነገራት

- ሓንሳብ በጻሓይ እንተመጺኩም፡ ክሳብ ኣብ ጋትዊክ ጊዝያዊ ቤት ማእሰርቲ ዘሎኹም፡ መብዛሕትኡ ጊዜ ኣብ ሰሙን ሓንሳብ ኩሉ ጊዜ ክበጽሕኹም ኢዮም።
- ክበጽሕኹም ዘይክእሉ ሰሙን እንተልዩ፡ ክሕብሩኹም ኣሎዎም። ንብዙሕ ሰሙናት ዝገሹ እንተኾይኖም ካኣ ዝበጽሓኩም ካልእ ሰብ ክቕርቡልኩም ይኽእሉ ኢዮም። እንተድኣ ዝኾነ ይኹን ሽግራት ኣጋጢሙኩም፡ እሞ ካኣ ምስቲ ዝበጽሓኩም ኣባል ክትራኸቡ ኣሸጊሩኩም፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ክትድውሉ ኣለኩም።

### ኣስተርጕምቲ

- በጻሕቲ ኣባላትና ዋላኳ ኩሉ ቋንቋታት ኣይዛረቡምበር ብዙሕ ቋንቋታት ይዛረቡ ኢዮም። በጻሓይ እንተደሊኹም እሞ ካኣ ኢንግሊዝኛ ዘይትዛረቡ እንተ ኾንኩም፡ ቋንቋኹም ዝዛረብ በጻሓይ ክንረኽበልኩም ክንፍትን ኢና። ክንረኽበልኩም ዘይካኣል እንተ ኾይኑ ግን፡ ኣብቲ ቦታ ክንበጽሓኩም ኣብ እንመጸሉ ጊዜ፡ ሓደ ካብ ኣዕሩኽቱኹም ከስተርጉመልና ይኽእል ኢዩ።

### ምስታር

- ግላዊነትኩም ምሕላው እነኽብሮ ጉዳይ እዩ። ካብ ሕድሕድና ወጻኢ፡ በጻሓይ ካባኹም ፍቓድ እንተዘይወሰዱ ብዛዕባኹም ኣይዛረብን ኢዩ።

### ጥርዓንን ሽግራትን

- ብዛዕባቲ እንገብረልኩም ኣገልግሎት፡ ዝኾነ ይኹን ቅሬታ ወይ ጥርዓን እንተ ኣልዩኩም፡ በጃኹም ናብ ቤት ጽሕፈት ደውሉ፤ ብዛዕባቲ ሽግር መጽናዕቲ ከካይዱ ኢዮም፤

ብመሰረት ናይ ጥርዓን ኣሰራርሓና መምርሒ፡ ሕቶኹም ብግቡእ ክከታተልዎ ኢዮም።

## ሕጋዊ ሽግራትን ምኽርን

▪ ኣብ ጊዝያዊ ቤት ማእሰርቲ እንተ ኣቲኹም፡ ነጻ ሕጋዊ ምኽርን ሕጋዊ ውክልናን ክትሓቱ መሰል ኣሎኩም። ኩሎም ጠበቓታት ኪኢላታት ኣይኮኑን፤ ገሊኦም ካኣ ብዙሕ ገንዘብ ዝሓቱ ክኾኑ ይኽእሉ ኢዮም። ብዛዕባ ሕጋዊ ውክልናኹም ዝኾነ ይኹን እትጠራጠርዎ ነገራት ክህሉ እንከሎ፡ ምስ በጻሒኹም ተዘራረብሉ ወይውን ጽቡቕ ስም ዝዘሎዎም ናይ ሕጊ እጀንሲታት ኣዘራርቡ። ዝርዝር ኣስማት ናይ ብቑዓት ሕጋውያን ወከልቲ ኣብ ማእከላይ ላይብረሪ ኣሎ።

▪ ምስ ጠበቓኹም ሽግራት እንተ ኣልዩኩም፡ ወይውን ጌና ጠበቓ እንተዘይብልኩም፡ ነቶም ናብ ቦታኹም ዝመጹኹም ናይ ሕጊ ኣማኸርቲ ከተዘራርብዎም ንሕብረኩም። ነጻን ብቑዕን ሕጋዊ ምኽሪ ክህብኹም ኢዮም። መብዛሕትኡ ጊዜ፡ ኣብ ሰሙን 2 ጊዜ ናብ ቦታኹም ይመጹ ኢዮም። ምኽሪ ክህብኹም ከምኡውን ክውክልኹም ይኽእሉ ኢዮም። ብዛዕባዚ ዝያዳ ሓበሬታ እንተ ኣድልዩኹም ነቶም ምሳኹም ዘሎዉ ሰራሕተኛታት ክትሓትዎም ትኽእሉ ኢኹም።

ኣብ ህጹጽ ኩነታት፣ (ንኣብነት፡ ክመልስኹም ምቅርራብ እንተ ገይሮም) ምሽት ይኹን ቀዳመ ሰንበት ብቝጽሪ ስልኪ 07831 598 057 ናብ RLC ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም።

## ናይ ሕክምና ሽግራት

▪ እንተድኣ ናይ ሕክምና ጸገማት ኣልዩኩም፡ ኣብቲ ቤት ሕክምና ኬድኩም ነቲ ዶክቶር ኣዘራርብዎ። ብዛዕባ ጥዕናኩም ስግኣታት እንተ ኣሕዲርኩም ካኣ ዶክቶር ኣብ ዝመጸሉ ጊዜ ክትሕከሙ መሰል ኣሎኩም።

▪ በቲ ዝግበረልኩም ሕክምና ሕጉሳት እንተ ዘይኮንኩም ወይውን እንተ ዘይሓጊዝኩም፡ እንደገና ናብቲ ዶክቶር ተመለሱሞ ሓብርዎ።

▪ ጌና ሕጉሳት እንተ ዘይኮንኩም፡ ንጠበቓኹም ኣዘራርቡ፤ ከምኡውን ነቲ በጻሓይ ኣባልና። ብዕሊ ጥርዓን ከተቕርቡውን ትኽእሉ ኢኹም (ንኣቀራርባኡ ኣብ ዝቕጽል ተመልከቱ)።

## መሰላትኩም ኣብ ጊዝያዊ ቤት ማእሰርቲ

ኣብ ጊዝያዊ ቤት ማእሰርቲ ኣብ ዘሎኹምሉ ጊዜ፡ ብመሰረት ናይቲ ቤት ማእሰርቲ ሕግታት፡ መሰላትን ሓለፋታትን ኣሎኩም። እንተድኣ ኣብቲ ማእሰርቲ ካብ 2 ማዓልታት ንላዕሊ ጌርኩም፡ እዚ ድሮ ተገሊጽልኩም ይኸውን ኢዩ። ንሱ ካኣ እዞም ዝሰዕቡ ነጥብታት የጠቓልል፦

ኣገባብ ኣቀራርባ ጥርዓን፦ ብዛዕባ ኣገባብ ኣቀራርባ ጥርዓን ሕቡራት ክትኮኑ ኣለኩም። ጥርዓንኩም መጽናዕቲ ኪግበረሉ ኢዩ፤ ኣብቲ ቤት ማእሰርቲ ብምህላውኩም፡ ንዝግባኣኩም ሕጋዊ ጉዳይ ወይ ናይ ሕክምና መሰልኩም ዝትንክፍ ኣይኮነን።

መተሓጻጸቢ፦ ናይ ስኒ ሳሙናን ብራሽን፣ ሳሙና፣ ሻምፖ፣ ናይ ጭሕሚ መላጸዪ ቅብኣት፣ ሽጎማኖታትን ካልእ ምስ ጽሬትን ጥዕናን ዝተኣሳሰሩ ነገራትን ብነጻ ኪውሃቡኹም ኣለዎም።

ገንዘብ፦ ማዓልታዊ ቁሩብ ገንዘብ መሕሸሺ ክውሃበኩም ይግባእ ኢዩ። ገንዘብ ከመይ ከም ዝውሃበኩም፡ እቶም ናይቲ ቦታ ሰራሕተኛታት ክሕብሩኹም ኣለዎም።

ጸብጻብ ናብ ኢሚግረሽን፦ ብጊዝያዊ ምስ ተኣሰርኩም፡ ድሕሪኡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ፡ ብምንታይ ምኽንያት ሓደ ሰብ ጌና ተኣሲሩ ከምዘሎ መግለጺ ክመጾ ኣለዎ። ነፍሲ ወከፍኩም ጸብጻብ እንተ ዘይተቐቢልኩም፡ ጸብጻብ ንምርካብ ክሕግዘኩም ዝኽእል ምስቲ ናይቲ ቦታ ኢሚግረሽን ቈጸራ ንኺግበረልኩም ሕተቱ።

## ናብ ካልእ ጊዝያዊ ቤት ማእሰርቲ እንተ ተቐይርኩም

▪ ናብ ካልእ ቤት ማእሰርቲ እንተ ተቐይርኩም፡ ካብኡ ንድሓር ካባና በጻሒ ክበጽሓኩም ኣይክእልን ኢዩ። ይኹን'ምበር ክበጽሑኹም ዝኽእሉ ካልኦት በጻሕቲ ማሕበራት ኪህልዉ ይኽእሉ ኢዮም። ንኣብነት፦

▪ Hamondsworth and Colnbrook - London Detainee Support Group, Tel. 0207226 3114 / 0800 587 2096

▪ Dover - Dover Visitors Group, Tel. 01304 242755

▪ Haslar Holding Centre - Haslar Visitors Group, Tel. 023 9283 9222

▪ Yarls Wood Detention Centre - Yarls Wood Visiting Group, Tel. 01234 708710

ኣብ ካልእ ቦታታት እንተ ተቐይርካ ግን፡ እሞ ካኣ በጻሓይ ዘድልየኻ እንተ ኾይኑ፡ በጃኻ ደውለልና፤ ክንተሓባበረካ ክንፍትን ኢና።

## እንተ ተፈቲሕካ

እንተ ፡ ተፈቲሕካ እሞ ካኣ ናብ እትኸዶ እንተ ዘይብልካ፡ ወይውን ደገፍን ምኽርን እንተ ኣድልዩካ፡ በዚ ዝሰዕብ ኣድራሻ ወይ ቍ. ስልኪ ሓብር፦
Refugee Council's One Stop Service:
240-250 Ferndale Road, Brixton, London SW9 8BB, Tel. 0207 346 6700


GDWG OFFICE:
225 Three Bridges Road,
Crawley, West Sussex, RH10 1LG
ተሌ: (01293) 434350, ፋክስ: (01293) 434351

ነጻ ቴለፎን - 0800 389 4367


ቤት ጽሕፈትና ካብ ሰኑይ - ዓርቢ፡ ካብ ሳዓት 9፡30 ቅ.ቀ - 50 ድ.ቀ ክፉት ኢዩ፤ ኣብ ዝኾነ ጊዜ ካኣ መልእኽቲ ክትገድፉ ትኽእሉ ኢኹም። ንሕና ካኣ ብዝተኻእለና መጠን ቀልጢፍና ክንድውለልኩም ኢና። በጃኹም፡ ብፊደላት እንግሊዝኛ ስምኩምን ቍጽሪ ናይ ክፍልኹምን ሓብሩ።

ኣወሃሃዲ ሰራሕ፡ ኒክ ኤይዲ

ተሓባባሪ ሰራሕተኛ፡ ኣና ፒንካስ
ተሓባባሪ ሰራሕተኛ፡ ሉዊስ ፐይም